እዚ ዩ መጻዋዕታ ዋዕሮታት
እዚ ዩ መጻዋዕታ ሓርበኛታት;;

መልሲ ነቶም ፈላለይቲ ኣግለልቲ
ንፋስ ከእትዉ ዝብሉ ላዕሊ ታሕቲ
እንታይ ይፈልየኩም ካብቲ ዝሸምገለ
ዘይቲ ዝሸምገለ ስ ያኣክል ተኣለ ዩ ዝበለ;;

ዝወደቀት ኣም ምሳር ይበዝሐ
ምስ ውዲተኛ ዘለዎም ረብሓ
ንጽገናዊያን ሒዝካ ዶ ወጊሐ;;

ኣብ ማእከል ህዝባ ዳዕሮ
ከምዛ ሱዳናዊት ዋዕሮ
ንመን ንበሎ ተኣለ ክንብሎ



ኣብ ባይታ የድሊሎ
ብዘይ ኣፋላላይ ውዕሎ;;

ንሕና እቶም መልሓሶም ዘይዓጸፉ
ልሳን ቶም ብደሞም ታሪኽ ዝጸሓፉ
ተቀበልቲ ሕድሪ እቶም በኛ ዝሓለፉ;;

ንሕና ኣብ ፍርቂ ዘይሓዝናያ ንበትሪ
ኣይረኸብናን ኣኛኹም ዝብል ዝዘሪ
ዘዝመጸ ከዳፐጠልና ዓሪቡ ምድሪ;;

ዝብላዕ ኣሎ እንተበልዎ ዝበኢ ሆየ

እንታይ ዘጋጥሞ ዘይፈለጠስ ጎየየ
ከም ዝብኢ ሐደራ ደቂ ዓደይ ሃየ
ዓፍራ ከይንረግጽ ኣለሊና ንጉየ።

ብዘይ ዓንዲ ኣይቆውምን ህድሞ
ክብረት የለን ብዘይ ኣደ ብዘይ ኣቦ
መንእሰይ ጸላእትኻ ኣለሊ ብዓንተቦ።

ወሰንቲ ንኹን ደቂ ኤርትረያ
ያኣክል ምስ ሓዲሽ ሓዲሽ ጉያ
ንዓመታት ጨዲርና ኣብ ጽርግያ
ብያኣክል ኣይወደቑን ጉጅለ ማፍያ።

ሓሰኻ ደንበ ናብ ዝለምለመሉ
ከም ጲላጦስ ንጹሃት ክመስሉ
ገለ ገለ ሙሁራት ንኸፈናጭሉ
ብውዲተኛታት ዝተመወሉ።

ኣብይ ነርኩም
እኳ ዘይበልናኩም
ትማሊ ምስማዕ ኣቢኹም
ንደመኛ ዓደቦ ደጊፍኩም
ንህዝቢ ሓዊ ኣርጊጽኩም
ሕጂ ውን ደጊስኩም
ንተቓወምቲ ኣጸሊምኩም
ክትጽግንዎ ወሲንኩም።

ቶም ዓጢቕና ንነጻነትና ዝጎየና
ንሰር ነቀል ለውጢ ዩ ቃልስና

*ሰለ ዝበልና ዘዝመጸ ከዓጥጠልና;;*

*ከምዚ ክብል ኣብ መደምደምታ*
*ኣድጊስ ካብታ ሞታ ምጉታታ*
*ንማፍያዊ ጉጅለ ብጀካ ኣብ ባይታ*
*መጠንቀቕታ ኣየስምዖም ሰምዕታ;;*
*(12 ጉንበት)*

*ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ;ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና፣ስዕረት ንጃንዳ ህግደፍን ዓንገልቶምን፣ ካብ ዉሽጡ ሑሩር ኣባል ተሐኤ በርሀ ዑቕባዝጊ ሃገር ጀርመን።*